Beta thalassemia ኣብ ማእከላይ፣ ማእከላይ ምብራቕ፣ ኣፍሪቃ፣ ደቡብ ኤስያ (ህንዳውያን፣ ፓኪስታናውያን፣ ወዘተ)፣ ደቡብ ምብራቕ ኤስያን ቻይናን ዝርከቡ ሰባት ብብዝሒ ይረአ።

Beta thalassemia ባህሪ ዘለዎም ሰባት መብዛሕትኡ ግዜ ብዘይካ ቀሊል ዋሕዲ ደም ካልእ ናይ ጥዕና ጸገም ኣየጋጥሞምን እዩ።

ምናልባት ውን ዘይፈለጥካዮ ናይ beta thalassemia ባህሪ ክህልወካ ይኽእል እዩ ።




Cooley's Anemia Foundation
330 Seventh Avenue, #201 New York, NY 10001
(212) 279-8090 FAX (212) 279-5999
www.thalassemia.org


# ናይ Beta thalassemia Trait ምርመራ ጌርኩም ትፈልጡ ዶ?

# Thalassemia ስም ናይ ሓደ ጀነቲካዊ ጸገማት ዘለዎ ጉጅለ ደም እዩ። ኣብ ኣመሪካ ልዕሊ ክልተ ሚልዮን ሰባት thalassemia ዝምልከት ጀነቲካዊ ባህሪ ኣለዎም።

ሓደ ካብኣቶም ክትከውን ትኽእል ኢኻ።

## **beta thalassemia trait** ከም ዘለካ ንኽትፈልጥ ክልተ ኣዝዮም ኣገደስቲ ምኽንያታት ኣለዉ፡-

ቀዳማይ፡ ክልቲኦም **beta thalassemia trait** ዘለዎም ክልተ ሰባት ቆልዓ ምስ ዝወልዱ፡ ኣብ **<u>ነፍሲ ወከፍ</u>** ጥንሲ፡ እቲ ህጻን ሓደ ካብ ኣርባዕተ **(25%)** ምሉእ ዕድመ ምምሕልላፍ ደም ሕክምናን መድሃኒትን ዘድልዮ **ከቢድ ጸገም ደም** ሒዙ ክውለድ ዕድል ኣሎ።

ካልኣይ፡ ገለ ሓካይም **beta thalassemia trait** ምስ ካልእ ሕማማት ብምግጋይ ጌጋ ሕክምና ክእዝዙልካ ይኽእሉ።

## **beta thalassemia** ከም ዘለካ ንምፍላጥ ቀሊል ይገብሮ።

ናይ **beta thalassemia trait** ኣለካ ድዩ የብልካን ንምርግጋጽ እቲ ቀዳማይ ስጉምቲ፡ ንሓኪምካ ዓቐን ቀያሕቲ ዋህዮታት ደምካ ክምርምር ምሕታት እዩ። እዚ ብMean Corpuscular Volume (MCV, ማእኸላይ ጥርኑፍ ዓቐን) ብናትካ Complete Blood Count (CBC፣ ምሉእ ቁጽሪ ደም) ዝርአ እዩ። ሓኪምካ ቅድሚ ሕጂ ናይ CBC ውጽኢት ክህልዎ ይኽእል እዩ።

እንድሕር ናትካ MCV ትሕቲ 75 ኾይኑን ናይ ኣይሮን (iron) ሕጽረት እንተዘይብልካን፡ ሽዑ **beta thalassemia trait** ክህልወካ ይኽእል እዩ። **Beta thalassemia trait** ከም ዘለካ ንምርግጋጽ፡ ተወሳኺ መርመራታት ከም hemoglobin electrophoresis፡ ከምኡ'ውን መለክዒታት hemoglobin A2 hemoglobin F ከድልየካ እዩ። ሓኪምካ ነዞም መርመራታት ክእዝዘልካ ይኽእል እዩ።

Thalassemia ንኣካላት ወዲ ሰብ ብኸመይ ከም ዝጸልዎ ንምርዳእ፡ መጀመርታ ብዛዕባ ደም ቁሩብ ኣፍልጦ ክህልወካ ኣለዎ።

ደም ካብ ሳንቡእካ ናብ ካልእ ክፍሊ ኣካላትካ ኦክስጅን የጎዓዕዝ። ኦክስጅን ኣብ ውሽጢ ቀያሕቲ ዋህዮታት ደም ብዝርከብ ሄሞግሎቢን (Hemoglobin) ዝበሃል ፕሮቲን እዩ ዝውሰድ። ሄሞግሎቢን ካብ ክልተ ዝተፈላለዩ ዓይነታት ፕሮቲናት ዝስራሕ ኮይኑ፡ ኣልፋ (alpha)ን ቤታ ግሎቢንን (beta globins) ተባሂሎም ይጽውዑ።

Beta globin ብኽልተ ጂናት ዝስራሕ ኮይኑ፡ እቲ ሓደ ካብ ነፍሲ ወከፍ ወላዲ ናብቲ ህጻን ዝመሓላለፍ እዩ። ሓደ ዘይንቡር ጂን beta globin ዘለዎም ውልቀሰባት፡ **beta thalassemia trait (beta thalassemia minor** ተባሂሉ'ውን ይፍለጥ) ኣለዎም።

ሓደ ናይ **beta thalassemia trait (minor)** ዘለዎ ሰብ ናይ beta thalassemia ጀነቲካዊ ባህሪ ጥራይ እዩ ዝስከምን መብዛሕትኡ ግዜ ድማ ብዘይካ ቀሊል ዋሕዲ ደም ካልእ ናይ ጥዕና ጸገም ኣየጋጥሞን እዩ።

መብዛሕትኡ ግዜ ሓካይም ነቲ **beta thalassemia minor** ዘለዎ ሰብ ንኣሸቱ ቀያሕቲ ዋህዮታት ደም ከም ምልክት ሕጽረት ኣይሮን ዘለዎ ዋሕዲ ደም ብምግጋይ ነቲ ዋሕዲ ደም ዘይሕግዝ መመላእታ ኣይሮን ብጌጋ ይእዝዙ።

ንባህሪ **beta thalassemia trait** ተመርሚርካን ተሸካሚ ናይቲ ባህሪ ኮይንካ እንተተረኺብካን፡ መጻምድትኻ **beta thalassemia trait** እውን ክምርመር ኣለዎ።

እንተድኣ...




**ክልቲኦም ወለዲ ናይ** beta thalassemia trait **ምስ ዝህልዎም፣**




**ቀሊል hemoglobin**

**beta thal trait**

## ..ቀጺሉ

ኣብ **<u>ነፍሲ ወከፍ</u>** ጥንሲ ውላዶም ክልተ ዘይንቡር ጂናት beta globin **25%** ናይ ምውራስ ዕድል ኣሎ።

ኣብቲ ኣዝዩ ከቢድ ኩነታት፡ እዚ **beta thalassemia major**ወይ **Cooley's anemia**፣ንህይወት ኣብ ሓደጋ ዘእቱ ዋሕዲ ደም ዝመርሕን ስሩዕ ምምሕልላፍ ደምን ነዊሕ ግዜ ዝወስድ ሕክምናዊ ክንክንን ዘድልዮ ከቢድ ጸገም ደም ከስዕብ ይኽእል።

ክልተ ዘይንቡር ጂናት beta globin ምውራስ እውን **beta thalassemia intermedia**, ከስዕብ ይኽእል፤ እዚ ድማ ማእከላይ ዋሕዲ ደም ኮይኑ ከም ምጉባጥ ዓጽምን ምግፋሕ ሓሞትን ዝኣመሰሉ ናይ ጥዕና ጸገማት ከስዕብ ይኽእል።

ብዛዕባ thalassemia ዝያዳ ሓበሬታ ንምርካብ፡ በዚ ዝስዕብ ተወከሱ፡-
Cooley's Anemia Foundation ብ (212) 279-8090
ወይ info@thalassemia.org ኣብ መርበብ ሓበሬታና
www.thalassemia.org እውን ክትውከሱ ትኽእሉ ኢኹም።

ንስኻን መጻምድትኻን ክልቴኹም ተሰከምቲ ናይ **beta thalassemia trait** እንተኾይንኩም ከምኡ'ውን ቆልዑ ክትወልዱ ምስ እትምድቡ፡ ንኣማኻሪ ጀነቲክ ክትደልዩ ኣለኩም።